24 june 2006

# መንእሰያትን መጻኢናን

ከም ዝፍለጥ ኣብ ዝኾነ ይኹን ኽፋል ዓለም መንእሰይ መንኮርኮር ለውጢ ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ እዩ:: ሓንቲ ሃገር መጻኢኣ ንኽተማሓይሽ ኣብቶም መጻእቲ ወለዶ እያ ወፍሪ ትገብር: እዚ ድማ ንቡርን ኣማራጺ ዘይብሉን ኣገባብ እዩ: ኣብ ሃገርና ግን እዚ ንቡር ተርእዩ'ዚ የለን: ስለምንታይ ግን? መጻኢት ኤርትራ'ኸ እንታይ ክትመስል እያ: ንሎሚ ኤርትራውያን ንዲሞክራሲን ሰብኣዊ መሰላትን እዚ ዝስዕብ ጽሑፍ ከነቕርብ ከለና ህዝቢ ተገዲሱ ክሓስበሉን ክዝትየሉን ንዕድም::

መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ዝተፈላለየ ግደ ተጻዊቶም ሓሊፎም እዮም: ኩሎም ካኣ ኣኣብ መድረኾም ነቲ ግዜ ዝጠልቦ ዝነበረ መድረኽ ቃልሲ ተጻንቢሮም ከቢድን መሪርን ዋጋ ከፊሎም: እቲ ዝኸፈልዎ ዋጋ ግን ሓንቲ ነጻን ልኡላዊትን ሃገር ንምፍጣርን: ህዝባ ከይተሸቑረረ ዝነብረላ ሃገር ንምፍጣር እዩ ኔሩ: እዚ ንኽትግበር ድማ መንእሰያት ትማሊ ውልቃዊ ናብርኦም ራሕሪሖም ኣብ ጉዳይ ሃገሮም ተጸሚዶም ንእስነቶም የሕሊፎሞ: ድሕሪ ነዊሕን መሪርን ቃልሲ ናጽነት ኤርትራ ኣብ 1991 ድሕሪ ምርግጋጽ እቶም ትማሊ ውልቃዊ ሂወቶም ራሕሪሖም ኣብ ቃልሲ ዝጸንሑ ተጋደልቲ እቲ መጀመርያ ዝተጋየየሉ ጉዳይ ትምህርቲ ምቕጻል እዩ ኔሩ: ግን ድልየቶም ብኣጋ እዩ ተቛጽዩ: ኣዚ ኸኣ ኮነ ኢልካ ብመደብ ዝተገብረን ንቡዙሓት ዜጋታትውን ዘሰንበደን ተርእዮ ብዙሕ ከይተዘርበሉ ሓሊፉ: እዚ ዝተወሰደ ስጉምቲ ኸኣ መጀመሪ ናብ ጉዕዞ ደልሃመት ኣዩ ኔሩ::

ሕሰም መንእሰይ ኤርትራ ጌና ወዲ 13 / 14 ዓመት ከሎ እዩ ዝጅምር: ህጻን ናይ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ትምህርቱ ወዲኡ ልክዕ ላዕለዋይ ደረጃ ዝጅምረሉ እዋን ሂወቱ ናይ ምምራሕ መሰል ካብ ወለዱ ተሓዲጉ ንብረት ናይ መንግስቲ ምካን ይጅምር: ክረምቲ ይመጽእ ናብ ጻህያይ ክወፍር ይግደድ: ካብኡ ተመሊሱ ነዊሕ ከይጸንሐ ተመሊሱ ናብ ዓጺድ ክወፍር ይግደድ: ከምዚ እንዳበለ ኸኣ ነተን 4 ዓመታት ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ብኽርተት የሕልፈን: ኣብ ነፍሲወከፍ ክረምቲ ኣዚ መንእሰይዚ ናብዚ ናይ ኣስገዳድ ናይ ባርነት ስራሕ ክኣቱ ከሎ ኣብ ገዝኡ ዝስርሕ ስለዘይብሉ ወይ ድማ ናይ ዕረፍቲ ግዜ በዚሕዎ ኣይኮነን: እንታይ ድኣ ወዲ ሓረስታይ ናይ ኣቡኡ ማሕረስ ኮፍ ኢሉ ኸሎ ወኢ ከተማ ድማ ገሊኡ እታ ንዓመት ንመምሃሪኡ ዝኾኖ ገንዘብ ዝምእርረላ ስራሕ

ገዲፉ ስድራቤቱ ናይ ምሕጋዝ ስራሕ ገዲፉ እዩ ናብዚ ናይ ኣስገዳድ ህይወት ዝኣቱ: መንኣሰይ ናይ ሃብታማት ሰብ ሕርሻ : ወይ ብህግደፍ ዝወነና ሕርሻታት እንዳገበረ ግራት ኣብኡ ግን ቃዲሩ ይኸርም: ዋኒን ስድርኡ ቦኺሩ ይተርፍ::

እዚ ናይ ኣስገዳድ ስራሕ ኣብ ትሕቲ ሕማቕ ናይ መነባብሮ ኩነታት ስለዝካየድ እዝዩ መሪር ኣዩ: እቲ ካብ ኩሉ ዝኸፍአ ግን ኣብ ትሕቲ ብዛዕባ ንስኻ ክትገብሮ ዘሎካ እምበር ንሶም ከማልኡልካ ዘለዎም ነገራት ዘይዓጦም ሓለፍቲ ይካየድ ምኻኑ እዩ: ሳዕቤን ናይዚ ኩሉ ኣብ ኣካላውን ጥዕናውን ዝወርድ ኣደራዕ ከይኣክል እቲ ዝኸፍአ እቲ ኣብ መንእሰይ ዘውርዶ ናይ ኣተሓሳስባ ሳዕቤን እዩ: እዚ መጻኢ ኤርትራ ዝኾነ መንእሰይ ርእሰ-ተኣማንነት የጥፍእ: ሙሉእ ኣካይድኡ ብትእዛዝ እንተዘይኮይኑ ብናቱ ተበግሶ ከምዘይከይድ ይገብር: ሕቶታት ምልዓል ከም ገበን ጌሩ ይወስዶ: በዚ ኣተሓሕዛ'ዚ ዝዓብይ መንእሰይ ተርኡ ኣብ ሕብረተሰብ ልኡም: ዘይነቐፌታውን: ዓበይቲ ጉዳያት ሃገሩ ከምዘይምልከቶ ሸለል ኢሉ ዝሓልፍ ይኸውን: በዚ ኣተሓሳስባ ዝተሃንጸ ንመጻኢ ናይ ሓንቲ ሃገር ኣዝዩ ዘሻቕል እካ እንተኾነ ንመሪሕነት ህግደፍ ግን ኮነ ኢሎም ዝገብርዎ ስለዝኾነ ዝድግፍዎን ቅሳነት ዝህቦምን እዩ::

እቲ መንእሰይ ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቱ ወዲኡ ናብቲ መጀመርያ እምበር መወዳእታ ዘይብሉ "ሃገራዊ ኣገልግሎት" ምስ ኣተወ ድማ እቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝወርድ ምረትን ጭቆናን ይብእስ:: እቲ ብስም "ኣገልግሎት"ጉልበቱ ብነጻ ካም ባርያ ዝምዝመዞ ከይኣክል ኣብ ሂወቱ ተራእዩ ዘይፈልጥ መቕጻዕትን ስቕያትን የሕልፍ: ኣብቲ ንመጻኢ ሂወቱ መሰረት ከንጽፈሉ ዝግብኦ ዕሸል ዕድሚኡ ኣብ ጎቦታትን ኣኻውሕን ኣብ ከርተት የሕልፎ::ኣብቲ ሓዳሩ መስሪቱ ኣመት ስድራቤቱ ክገብረሉ ዝግብኦ ጸጋ ናይ ዕድሚኡ ኣብ ናይ ሓሳር ህይወት ተኸርዲኑ የሕልፎ ኣሎ::

መብዛሕትኡ ናብዚ ኣደራዕ ዝተፈርደ መንእሰይ ነቲ ዝወረዶ መዓት ብብዝመሰሎ ገጢምዎ እዩ: ገሊኡ ነቲ ጭቆናን ምግሃስ መሰሉ ብቓልዕ ተቓዊምዎ: ከም ግብረመልሲ ድማ ኣብ ከቢድ መቕጻዕትን ማእሰርትን ወዲቑ: ብዙሓት ካልኦት ድማ ናብ ስደት ውሒዞምን ገና ይውሕዙን ኣለው: እቶም ናብ ስደት ዘምሩሑ ኣብ ጉዕዞኦም ከጋጥሞም ዝኽእል ሓሳረ መከራን ሞትን ዘንጊዖም ኣይኮኑን: እቲ ኣብ ሃገረ ስደት ምስ ኣቶኻ ዘሎ ከርተት እውን ኣይጠፍኦምን: እንታይ ደኣ ካብቲ ንእሽቶ ብልጭታ ናይ ብርሃን ኣካ ዘይትርእየሉ:ህሸመይ ኣብዚ ከብቕዕ እዩ ዘይትብለሉ ጸልማት ሂወት ይሓይሽ ይኸውን

ኢሎም  እዩም ናብ ስደት ዘምርሑ::እቲ ኣብ መስርሕ ጉዕዞ ዘሎ ምፍጣርካ ዘጽልእ ኩነታት ካብቶም ንዕኡ ሰጊሮም ዝመጹ መንእሰያት ኩሉና ሰሚዕናዩ ኢና:: ናይቶም ኣብ ምድረበዳ ብጽምእን ብጥሜትን ዝሞቱ: ናይቶም ባሕርሊ ተዋሒጦም ዝተረፍ ግን ታሪኾም ኣይሰማዕናዮን : ምኽንያቱ ዕድል ጌሮም ንኸዘንትውልና ከይበቕዑ ኣብ መንገዲ ስለዝተረፉ::

ነዚ ኹሉ ሰጊሩ ናብ ኤውሮፓን ካልኦት ዓድታት ዲሞክራስን ክሰግር ዝበቕዐ መንእሰይ ኣብ ዓዲ ኸሎ ዝተሓረሞ መሰላት ስለዝረኸበ ሓሳባቱ በብመንገዱ ገሊጹ እዩ: እወ ከምዝዝከር ኣብ ሃገር ሽወደን ብፍላይ ድማ ኣብ ከተማ ስቶክሆልም ብወርሒ 11 2003 ዝተመስረተ ማሕበር ኤርትራውያን ሓተትቲ ዑቕባ ኣብ ሽወደን ዝበሃል ኣሎ::እዚ ማሕበር ብኣብ ቀረባ ጊዜ ካብ ሃገር ዝወጹ መንእሰያት ዝቖመ ኮይኑ ካብቲ ቀንዲ ዝተበገሰሎም ዕላማታት ድማ መንእሰያት ብሓባር ኮይኖም ንመሰሎም ክጣበቑን ኣብ መንጎኦም ድማ ናይ ምትሕግጋዝን ምትሕልላይን መንፈስ ኣስሪጾም ነቲ ዝገጥሞም ዝነበረ ጸገማት ብሓባር ክብድሁ ዝዓለመ ኮይኑ ንነዊሕን ሓጺርን ዝጠመተ መደባት ሰሪዑ ቃልሱ ካብ ዝጅምር ድሮ ሳልሳይ ዓመቱ ቀሪቡ ኣሎ::ገለ ካብ ዕላማታት እዚ ማሕበር ንምግላጽ:

1.ንመሰል ዑቕባ ምርካብ ብሙሉእ ዓቕምኻ ምጥባቕ

2.ብዘይ ፕሎቲካዊ: ሃይማኖታዊ: ዓሊታውን ኣፈላላይ ናይ ዝኾነ ይኹን ኣካል ጸግዒ ከይወሰድካ ነቲ ኣብ ሃገርና ይኹን ኣብ ደገ ዝካየድ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን ኣካይዳ ብቑሉዕ ምቅዋም

3.ንኹሉ መስርሕ ዑቕባ ዝዓናቕፍ ጉዳያት ኣለሊኻ ምእላይ

4.ዝተፈላለዩ ርክባት ምስ ዝተፈላለዩ ኣካላት መንግስትን: ዘይመንግስታውያን ማሕበራትን: ኤርትራውያን ማሕበራትን ምክያድን ሓበሬታ ምልውዋጥን

5.ምስ ህልው ኩነታት ሃገርናን ዓቕሚ ኣባላትናን ዝኸይድ እዋናዊ ለውጥታትን ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ምትእትታው ዝብሉ እዮም::

ማሕበርና ካብቶም ቀንዲን እዋናውን ዕላማታት ኢሉ ብሙሉኡ ዓቕሙ ዝሰርሓሎም ጉዳያት ርድኢት መንግስቲ ሽወደን ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታት ሒዝዎ ንዝነበረ ፖሊሲ ግጉይን ዘይእዋናውን ንህሉው ኩነታት ሃገርና ኣብ ግምት ዘይእተወን ስለዝነበረ ነዚ ንምቕያር ብሙሉእ ዓቕሙ ክቃለስ ድሕሪ ምጽናሕ መንግስቲ ሽወደን ነቲ ንነዊሕ ግዜ ሒዝዎ ዝጸንሐ መርገጺ ካብ ሰነ 2005 ጀሚሩ ብወግዒ ቀይርዎ::እዚ ኸኣ ንመንእሰያትና ቅሳነት ዝህብን ምስክር ናይ ተኣኪብካ ምስራሕ ዘምጽኦ ለውጢን እዩ::

ከም ውጽኢቱ ድማ ድሮ ብዙሓት የሕዋትን ኣሓትን ተጠቀምቲ ናይዚ ለውጢ ኮይኖም ኣለዎ እዚ ማለት ግን ብዋጋ ናይ ነፍሲወከፍ ዝወሃብ ዘሎ ፍቓድ ከማና መንእሰያት ኣብ ሃገርና ይሳቐዩን ይግፍዑን ስለዘለው እዚ ፍቓድ ከዘናጋዓና ዘይኮነ ስቓይ የሕዋትና ንማሕበረሰብ ዓለም ከነፍልጥን ዓገብ ክንብለሉን ይግባእ::
እዚ ክንብል ከለና ግን ኣብዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ዓመታት ዝገጠሙና ብድሆታት ቀለልቲ ኔሮም ማለት ኣይኮነን : እቶም ነቲ መንእሰይ ኣብ ዓዱ ኸሎ ከይዛረብ ኣፉ ዝዓበስዎ ከይጽሕፉ ኢዱ ዝኣሰርዎ ኣብዚውን ብወከልቶም ክጸቕጥዎ ፈቲኖም እዮም: መንእሰያትና ግን ብኡ ከይትዓግቱ ዝርኣይዎ መስኪሮም: ዝተሰመየም ገሊጾም:ንግፍዕታት ድማ ኮኒኖም:: ንኹሉ ሽግራት ድማ በዲሆሞ እዮም::

ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ህዝቢ ብፍላይ ድማ መንእሰይ "ኣብ መጻኢ እዚ ክገብር እየ" ኢሉ ንናይ መጻኢ ሂወቱ መደብ ዘይሰርዓሉ ጸልማት ኩነታት እዩ ዝነብር ዘሎ: ከም ነጻ ሰብ ነብሱ ባዕሉ ዘይመርሓሉ: ብኣስገዳድ ንዓመታት ከም ባርያ ከገልግል ተፈሪድዎ ኣሎ: ቁሩብ ተቓውሞ ምስዘርእዩ ድማ ንጸላኢ'ኻ ከማን ዘይትምነዮ መቕጻዕትን ማእሰርትን ዝወርደሉ ሂወት እዩ ዘሕልፍ ዘሎ: ኣብ ከምዚ ዝበለ ናይ ደልሃመት ሂወት ካብዚ ዘለዎ ዝገላግሎ ንእሽቶ ብልጭታ ናይ ብርሃን እውን ትኹን ትርኣዮ ስለዘየለ ድማ "ካብዚ ዘለክዎ'ዶ ከይከፍእ" ብምባል ዝኾነ  ናይ ተስፋ ምቕራጽ ስጉምትታት ክወስድ ንርእይ ኣለና::

ስለዚ እቶም ኣብ ፈቖዶ ሃገራት ፍቓድ ረኺብና ዘለና ብዋጋ ናይቶም ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝሳቐዩን ዝግረፉን ዘለው ዜጋታት ምኻኑ ዘኪርና ኣብ ውሑስ ቦታ ኬንና ነቶም ኣደራዕ ዝወርዶም ዘለው ዜጋታትና ድምጾም ከነስማዓሎምን ንኹሉ በደላት ዓገብ ክንብልን ኣሎና: ኣብ ሽወደን ዘሎና መንእሰያት ኣብ ዲሞክራሲ ኢና ንነብር ዘለና: እታ ኣብ ዓድና ኮሎና ዝሳኣናያ መሰልን ናጽነትን ኣብዚ ረኺብናዮ ኣለና'ሞ ዝኾነ ኣካል ከሕድገና ከነፍቅድ የብልናን::

ብተወሳኺ መንእሰያትና ኣብ ዝተዓቕቡሉ ሃገራት ኣብ ክንዲ ንናዊሕ ዝጠመተን ንኣብ ከባቢኦም ዘሎ ጸጋታት ምጥቃም ዘተኮረ መስርሕ ህይወት ምጅማር ብሰንኪ ሕጽረት ሓበሬታን: ሕጽረት ምትብባዕን: ብሰንኪ ዘለዎም እዋናዊ ሽግራት ኣብ ምስ ዕድሚኦምን ዓቕምታቶምን ዘይቃዶ መስመር ህይወት ብምእታው መዓልታዊ መነባብሮኦም ካብ ናይ

ኢንተግረሽን (integration)መስርሕን ካልእ ውልቃዊ ዓቕምታቶም ክብ ከብሉሉ ዝኽእሉ ዕድላት ተገሊሎም ይርከቡ:ማሕበርና ከኣ ድሕሪ እቲ ናይ ሓጺር እዋን ዕላማታቱ ምውቅዑ ስሙ ናብ ኤርትራውያን ንዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን ብምቕያር ኩሉ ዓቕምታቱ ኣዋዲዱ ተበጊሱ ኣሎሞ ኩላትና መንእሰያት ነዚ ዝጽበየና ዘሎ ብድሆ ሓቢርና ክንገጥሞ ጻዊዒትና ነቕርብ::

ኤርትራውያን ንዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን
ስቶክሆልም,ሽወደን